Tigrinia

# ብዛዕባ PREECLAMPSIA እንታይ ክፈልጥ ኣለኒ?

ንነፍሲ ወከፍ ነፍሰጾር ዝኸውን ሓበሬታ



Hôpitaux Universitaires Genève

# Preeclampsia

## Preeclampsia እንታይ እዩ?

Preeclampsia ኣብ እዋን ጥንስን ድሕሪ ሕርሲን (ድሕሪ ወሊድ) ዝኸሰት ሕማም ኮይኑ ንነፍሰጾርን ውላዳን ዘጥቅዕ እዩ።

Preeclampsia ካብ ነፍሲ ወከፍ 100 ጥኑሳት ን5 ጥኑሳት የጥቅዕ። እዚ ኣብ HUG Maternity ኣብ ዓመት ኣስታት ን 300 ወሊዳት ዝውክል እዩ።


Preeclampsia ዘይንቡር ወሰኽ ጸቕጢ ደም ኮይኑ

- ንኣካላት ነፍሰጾር ዝጎድእ እዩ

  ወይ ከዓ
- ንዕብየት ናይቲ ህጻን የደንጉዮ

Preeclampsia ምስቲ ኣብ መንጎ እቲ ህጻንን (ዕሸልን) ጥንስቲ ሰበይትን ዝግበር ናይ ምልውዋጥ ስራሕ ዝሰርሕ ዕትብቲ ዝተተሓሓዘ እዩ ።

Preeclampsia ብሓፈሻ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ናይ ጥንሲ (ድሕሪ 20 ሰሙን) እዩ ዝረአ። ኣብ እዋን ሕርሲን ድሕሪ ሕርሲ ክሳብ ሽዱሽተ ሰሙንን እውን ክኸሰት ይኽእል እዩ።




Preeclampsia ምስ መዳሕንቲ ዝተኣሳሰር ናይ ጥንሲ ሕማም እዩ።

እዚ ናትክን ጌጋ ኣይኮነን!

## ናይ preeclampsia ሓደጋ ከወስኽ ዝኽእል እንታይ እዩ?

Preeclampsia ንኹለን ነፍሰጾር ደቂ ኣንስትዮ ክጸሉ ይኽእል እዩ ።

ካብዞም ዝተዘርዘሩ ሓዲኡ ዝውክለክን እንድሕር ኮይኑ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ኢኽን፦

- ከም ሕማም ሽኮር፣ ሕማም ኩላሊት፣ ልዑል ጸቕጢ ደም ናይ ዓርሰ ምክልኻል ሕማም (lupus፣ polyarthritis) ወይ ከዓ ሩግዲ ዝኣመሰለ ናይ ጥዕና ጸገም እንድሕር ሃልዩክን።
- ቅድሚ ሕዚ ብሕማም preeclampsia ተጠቂዕኺ እንድሕር ኔርኪ
- ኣደኺ ወይ ከዓ ሓፍትኺ preeclampsia እንድሕር ነይርወን
- ምውላድኪ ብሕክምና ዝተሓገዘ እንድሕር ነይሩ።
- ናይ ማንታ ወይ ከዓ ሰለስተ ቆልዑ ጥንሲ እንድሕር ኮይኑ።

## እቶም ዝምከሩ ናይ ምፍላይ መርመራታት እንታይ እዮም?

ናይ preeclampsia ሓደጋ፣ ኣብ ቀዳማይ ወቕቲ ናይ ጥንሲ በዚ ዝስዕብ ይግምገም፦

- ናይ ደም ምርመራ
- ናይ ኣልትራሳውንድ ስካን
- መለከዒ ጸቕጢ ደም

ብድሕሪኡ ምልክታት Preeclampsia ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ሕክምና ቆጸሮ ወይ ከዓ ብመዋለድቲ ሓኻይም ይምርመር። ጸቕጢ ደም ይዕቀንን ኣብ ሽንቲ ፕሮቲን እንተልይዎ ይምርመርን። ናይ ቆልዓ ዕብየት እውን ክትትል ይግበረሉ።



ናይ ደም መርመራ



ኣልትራሳውንድ ስካን



ምልካዕ ጸቕጢ ደም



ኣብ ሽንቲ ፕሮቲን

## ናይ preeclampsia ሓደጋ ብኸመይ ይቕነስ?

- ዝተመጣጠነን ጥዑይን ምግቢ ምብላዕ
- ልዕሊ ዓቐን ሩግዲ ምውጋድ
- ንጡንሳት ዝኸውን ግቡእ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር
- ዘይምትካኽ
- ሕዱር ናይ ጥዕና ጸገም እንተሃልዩኪ፣ ናይ ጥንሲ ንውሓት ግዜ ብዝግባእ ምቁጽጻር ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት፣ ካብ ቀዳማይ ወቕቲ ጥንሲ ኣትሒዙ ንእሽቶን መጠን ኣስፒሪን (aspirin) ክትወስዳ ክትምከራ ትኽእላ ኢኽን።

## ምስ Preeclampsia ዝተኣሳሰሩ ጸገማት:-

- ኤክላምፕሲያ (eclampsia)፡- እዚ ናይ ሓንጎል መጥቃዕቲ ኮይኑ፣ ምንቅጥቃጥ የስዕብ (ከም ሕማም ምንፍርፋር)።
- HELLP ሲንድሮም ፡- እዚ ኩነታት እዚ ንጸላም ከብድን ደምን ዒላማ ብምግባር ዋሕዲ ደም (ምጉዳል ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም) ከምኡ'ውን ምንቁልቋል ፕላትለታት (ንምረጋግእ ደም ወሳኒ ዋህዮታት) የስዕብ
- ካልኦት ጸገማት እውን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፤ ብዛዕባ እዚ ምስ ሓኪምክን ተዛረባ።

## Preeclampsia ንህጻን ዘስዕቦም ሓደጋታት እንታይ እዮም?

ናይቲ ህጻን ዕቤት እውን ክቕንስ ይኽእል። preeclampsia ቅድሚ ዝውለደሉ መዓልቲ እንድሕር ኣጋጢሙ፣ ኣብ ዘይመዓልቲ ናይ ምውላድ ሓደጋ እውን ኣሎ።

**ሓበሬታ**

ጸቕጢ ደም፣ ካብ ሓደ መዐቀኒ ናብ ካሊእ መዐቀኒ ክፈላለ ልሙድ እዩ። ጸቕጢ ደም ልዑል እንተኾይኑ፣ ግድን ብሰንኪ ጭንቀት ማለት ኣይኮነን። ጸቕጢ ደም ልዑል እንተኾይኑ፣

## preeclampsia ከምዘለኒ ብኸመይ ይፈልጥ?

ን preeclampsia ዝምልከት ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ካብ ሓደ ጥንሲ ናብ ካልእ ይፈላለ እዩ። ኩሎም ኣብ ሓደ እዋን ኣይረኣዩን።

### እዚኦም እቶም ከተቕልብሎም ዘለኪ ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት እዮም፦

- ኣብ መንበቢ ጸቕጢ ደም፣ ሓድሽ ወይ ከዓ ተደጋጋሚ ወሰኽ ዓቐን ጸቕጢ ደም
  - ልዕሊ 140/90 mmHg፦ ምስ ሓኪምኪ፣ መዋለዲ ሓኪምኪ ወይ ከዓ ናይ ሓደጋ ግዜ ናይ ኣዴታት ሓኪምኪ ተማኸሪ
  - ልዕሊ 160/110 mmHg፦ ምስ ናይ ሓደጋ ግዜ ናይ ኣዴታት ሓኪምኪ ተማኸሪ
- ንምግላጽ ኣጸጋሚ ዝኾነ ሓፈሻዊ ሕማም
- ቀጻሊ ወይ ከዓ ዘይልሙድ ቃንዛ ርእሲ
- ቅልጡፍ ምውህላል ማይ (ኢደማስ, edemas) ምስ፦
  - ዘይልሙድ ሕበጥ እግርን ዓካሪቶን፣ ኣእዳው ወይ ገጽ
  - ኣብ ሰሙን ልዕሊ 1 ኪሎ ግራም ክብደት ምውሳኽ
- ኣብ ክልቲኡ ኣእዛን ናይ ደወል ድምጺ
- ናይ ምርኣይ ጸገም፦ ድብዝዝ ዝበለ ምርኣይ፣ ብልጭታታት ብርሃን፣ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ነጠብጣባት
- ኣብ መወዳእታ ጥንሲ ዘይልሙድ ዕግርግር ምባል ወይ ከዓ ተምላስ
- ካብ ከቢዲ ብላዕሊ ገጽ ሓያልን ቀጻልን ቃንዛ (ካብ ጭብጠት ዝተፈልየ)
- ናይ ምትንፋስ ጸገም
- ከቢድ ናይ ደረት ቃንዛ
- ከም ሕማም ምንፍርፋር (ኤክላምፕሲያ, eclampsia) ዝኣመሰለ ናይ ምንቅጥቃጥ ጸገም።

### ናይ preeclampsia መጠንቀቕታ ምልክታት ኣለኪ ድዩ?

- ምስ ናይ ምውላድ ወይ ከዓ ናይ ማህጸን ሓኪምኪ ተራኸቢ! ምስ ናይ ሓደጋ ግዜ ናይ ኣዴታት ሓኪም ተራኸቢ!
- እጹጽ እዋን፦ ኣብኡ ዘለው ከቕበሉኽን፣ ከመርሑኽንን ከሕግዙኽን እዮም።

## ናይ preeclampsia መድሓኒት እንታይ እዩ?

ነፍሲ ወከፍ ተርእዮ ናይ preeclampsia ፍሉይ እዩ! ሓኪምኪ፣ ንዓኽን ንቈልዓኽን ዝኸውን ሕክምና ክመኽረክን እዩ።

Preeclampsia ምኳኑ ምስተረጋገጸ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሆስፒታል ናይ ቀረባ ክትትል የድሊ።

ምውላድ ህጻንን ምውጋድ መዳሕንትን ብሓፈሻ ንዕቤት preeclampsia ደው የብሎ። ሓደ ሓደ ግዜ ቅድሚ እቲ ዝውለደሉ ዕለት ምውላድ ኣድላይ እዩ። ሓኪምክን ኣብ ፍሉይ ኩነታትኪ ተመርኲሱ ብዛዕባ ግዜን ኣገባብን ኣወላልዳ ምሳኺ ክዘራረብ እዩ።

ጸቕጢ ደም ንምቕናስ መድሓኒት ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ካብ ምንቅጥቃጥ (ማግኒዝዩም) ንምክልኻል መድሓኒት ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ኣብ ገለገለ ኣጋጣሚታት preeclampsia ድሕሪ ሕርሲ ክጋጥም ይኽእል። ጸቕጢ ደም ንምንካይን ካብ ምንቅጥቃጥ ንምክልኻልን እውን ተመሳሳሊ መድሓኒት ይወሃብ እዩ።

## ድሕሪ preeclampsia፣ ምጥባው ይከኣል ድዩ?

እወ፣ ምጥባው ይከኣል እዩ። እቶም ዝተኣዘዙ ሕክምናታት ንህጻን ሓደጋ ዘይብሎም እዮም።

## ድሕሪ preeclampsia፣ ካልኣይ ጥንሲ ይከኣል ድዩ?

ድሕሪ pre-eclampsia ሓድሽ ጥንሲ ኣብ ግምት ንምእታው ዝጻረር ነገር የለን። preeclampsia ደጊሙ ናይ ምምጻእ ሓደጋ ኣሎ፤ ምስ ሓኪምኪ ድማ ክትዘራረብሉ ኣለኪ። ነዚ ሓድሽ ጥንሲ እዚ ምድላው ኣገዳሲ እዩ ።

ናይ preeclampsia ሓደጋ ንምግማት፣ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ መርመራ ክግበር ኣለዎ።

ናይ preeclampsia ሓደጋ ልዑል ምስ ዝኸውን፣ ካብ ቀዳማይ ወቕቲ ጥንሲ ጀሚሩ ንእሽቶን መጠን ኣስፒሪን (aspirin) ምውሳድ ይምከር።

**+ ሓበሬታ**

Preeclampsia ምስ ወለድክን ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ንጥዕናኽን ክጸልው ይኽእል እዩ። ብዛዕባኡ ምስ ናይ ስድራቤት ሓኪምኪ ተዘራረቢ!

## Preeclampsia ምስተትሓዝኩ እንታይ ክጥንቀቕ ኣለኒ?

ድሕሪ preeclampsia፣ ሕማም ልቢ ወይ ሰራውር ደም (ልዑል ጸቕጢ ደም፣ ሕማም ልቢ፣ ወቕዒ)፣ ሕማም ኩሊት ወይ ሕማም ሽኮር ናይ ምምዕባል ሓደጋ preeclampsia ካብ ዘይብላ ጥንስቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝለዓለ እዩ።

ንባዕልኺ ካብዞም ሕማማት ንምክልኻል፣ ምስ ሓኪምኪ ዓመታዊ ሕክምናዊ ምርመራ ክትገብሪ ኣለኪ፤ ኣብኡ ኣብ ደምኪ ዘሎ ጸቕጢ ደም፣ ክብደት፣ ሽኮርን ኮሌስትሮልን ክዕቀን እዩ።

## ድሕሪ preeclampsia ዝቐርቡ ለበዋታት እንታይ እዮም?

- ጸቕጢ ደምኪ ተቖጻጸሪ
- ጥዑይ ዝተመጣጠነ ምግቢ ምብላዕ
- ዝውሰድ ጨው ምቕናስ
- ልዕሊ ዓቐን ርጉዲ ምውጋድ
- ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድ ምቕናስ
- ዘይምትካኽ
- ስሩዕ ኣካላዊ ንጥፈታት (5 ግዜ 30 ደቒቕ ኣብ ሰሙን) ምግባር
- እንድሕር ሓዚንኪ ወይ ከዓ ሕማቕ እንድሕር ዝስመዐኪ ሃልዩ፣ ምስ ናይ ቀረባ ስድራ ቤትን ፈተውትኽን ወይ ከዓ ምስ ሓኪምኪ ተዘራረቢ!

DMPR • Que dois-je savoir sur la prééclampsie ? • Tigrinia • Dessins : PepyTodesky • Avril 2024



**የቐንየልና።**

ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ

Fondation privée des HUG

Fondation pour la Recherche en Hypertension

UNIVERSITÉ DE GENÈVE
FACULTÉ DE MÉDECINE

እዛ ብሮሹር ብክፍሊታት መባእታዊ ሕክምና፣ ኔፍሮሎጂን ጸቕጢ ደምን መዋልዳንን ናይ *HUG* ከምኡ'ውን ብክፍሊ ሕክምና ኣዴታት ናይ *Hôpital de la Tour* ምስ *GIPP* (ጉጅለ ሓበሬታ ንተሓከምቲን ኣባላት ስድራቤትን) ናይ *HUG* ብምትሕብባር ዝተዳለወት እያ።

# ኣብ እዋን ጥንሲን ድሕሪ ጥንሲን ናይ
# **preeclampsia** መጠንቀቕታ ምልክታት



ናይ ምስትንፋስ
ጸገም




ቀጻሊ ናይ
ርእሲ ቃንዛ



ሓፈሻዊ ሕማም



ናይ ምርኣይ
ጸገም





ምንቅጥቃጥ



ምስግልጋል




ኣብ ኣእዛን ምቕጫል



ኣብ ልዕሊ
ከብዲ ቃንዛ



ቅልጡፍ ዝኾነ
ክብደት ምውሳኽ



ማይ ምውህላል
ወይ ከዓ ሕበጥ




ልዑል ጸቕጢ ደም

# መዘኻኸሪታት